# ምዝንባዕ ገለጻ ታሪኽ ዕላምኡ ግህደ ኮይኑ

ብ ኑራ ሑሴን

## ሓምሻይ ክፋልን መወዳእታን

### ሽርሒ ህግደፍ ኣብ ውሽጢ ግንባር ተቓውሞ

ኣብ መስርሕ ቃልሰና፡- ምስ ዝቐደመ ተሞኩሮ ብምትሕሓዝ ህልዊ ናይ ቃልሲ ክውንነትና ብጽሞና ምስ ንዕዘብ፡ ንስልኳታት መሪሕነት ግንባር፡ ብኣገባባቱን ዕማማቱን ጭምር ኣብ ክልተ መድረኽ ብምኽፋል ክንገምግሞ ንኽእል ይመስለኒ።

1- ኣብ ሜዳ ኤርትራ ቅድሚ ሰማንያታት ኣብ ልዕሊ ጀብሃ ዝካየድ ዝነበረ ሱልኳን ዕማማቱን፡ ንወተሃደራዊ ቅጽያን መጥቃዕትን ዘመችእ ጽጹይ ሓበሬታ ንምእካብ ኮይኑ፡ ኣብቲ ጀብሃ ትቆጻጸሮ ቦታታት ሶሊኽካ ብምእታው፡ መብዛሕትኡ ብመንገዲ ስሩዓት ኣቢልካ ሓፈሻዊ ኩነታት ጀብሃ ንምፍላጥ ዝሃቐነ ድማ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ኣዝዩ ኣገዳስን ኣድላይን ሓበሬታታት ምስዝኾውን ግና፡ ብቐጽበትን ኣብ እዋኑን ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ግንባር ከም ዝመሓላለፍ ጌርካ ብምውዳብን'ዩ ዝዋደድ ነይሩ።

ናይቲ መድርኽ እስትራተጂ መራሕቲ ግንባር እንታዩ ነይሩ ምስዝበሃል፡ ከምቲ ኢሳያስ ብኣፉ፡ "*ናይ ደቂቕ ፍሩይ ንኽትከውን ንፍሩያት ከተዳቕቕ ክትክእል ኣለካ*" ዝብሎ፡ ናይ ጀብሃ ፖለቲካውን ወተሃደራዊን ዓብላልነት ቆጺኻ ዓብላልነቶም ንምርግጋጽ ዝዓለመ ምንባሩ'ዩ ክግምገም ዝከኣል። ነዚ ንምዕዋት ከኣ ንጀብሃ ብሰንጻዊ መንገዲ ህልውናኣ ንምድኻም ዘሰላስሉሉ ሜላታት ጽጹይ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታዊን ፖለቲካውን ሓበሬታታት ብመንገዲ ስለያ ብምእካብ ኣብ ዝጥዕሞም ግዜን ኩነታትን ወላውን ምስ ሰይጣን ተዋሂጂድካ ምትግባሩ ዝሃቐነ ነይሩ።

2- ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ፡ በቲ ዘመን ዝነበረ እስትራተጂን ሜላን መራሕቲ ህግድፍ ክኸውን ከሎ፡ ኣብዚ ሎሚ መዋእል ግና፡ ህግደፍ ንተቓወምቲ ሓይልታት ብዝምልከት፡ ምስ ህልው ኩነት ተጠዓዒሙ ከምዝኸይድ ንምግባር፡ ንእስትራተጂኡምን ሜላታቶምን ብምጽጋን ብተዛማዲ ኣገላልጻ ብኣድማዕነት ካብ ዘሰላስልዎ ዓመታት ቆጺሩሎ። ጃንዳ ህግደፍ ንተቓውሞ ምሉእ ብሙሉእ ንምብራስ ከምዘይክኣል ብኣግኡ በጺሕዎ እዩ። ብኻልእ ሸነኽ መሰሉ ዝተገፈ ህዝቢ ትም ከምዘይብል ሕርሕራይ ገይሩ ይርዳእዩ። መሰሉ ዝተሰልበ ህዝቢ፡ ሓደ መሪሕ ተራ ሒዙ ዘዋስኦን እምነቱ ዘንብረሉን ውድብ፡ ሰልፊ፡ ወይ ከኣ ካብ ብዙሓት ውድባት ዝቖመ ግንባር የድልዮ። ብተመሳሳሊ እዚ መሪሕ ተራ ዝጻወት ውደባ፡ መታን ተቐባልንትን እምነትን ህዝቢ ክረክብ ከማልኦ ዝግባኦ ረቓሒታት ኣለዎ። ንሳተን ድማ፡

1- ንጹርን ቅቡለን ዝኾነ ፖለቲካዊ መድብ ዕዮ
2- ንጹርን ኣድማዕን ዝኾነ መድርኻዊ መደብ ዕዮ
3- ግሉጽነት ዘለዎ ግምገማ መድርኻዊ መደብ ዕዮን ንጥፈታትን ኢየን

ህዝቢ እዚኣን ተጠቒሰን ዘለዋ ረቛሒታት ተግባራውነተን ምስ ዝዕዘብ፡ ይስዕበካን መሰላቱ ንምርግጋጽ ንኽትመርሖ ፍቓደኛ ይኸውን።

እምበኣርከስ ካብዚ ክውንነት ብምብጋስ ህግደፍ ንተቓወምቲ ብዝምልከት እስትራተጂኡ ኣብዚ ስሰዕብ ኣምር ይሙርከዝ፡ ንሱ ድማ ተቓውሞ ሓይልታት መሪሕ እጃመን ዘዋስእ ብቕዓት ንኽይውንና ምምህማንን ምልማሰንን እዩ። ነዚ ንምዕዋት ዝጥቀመሎም ሜላታት፤

- ዓመጽ፡ ምቕንጻልን ምጭዋይን ምእሳርን ምርዓድን
- ሰልኳ፡ ስንክፍናን ድኽመታትን ተቓውሞን ኣገዳሲ ተራ ዘለዎም ባእታታትን ብምልላይ ከምዘየድምዑን ኣብ ውሱን ዓንኬል ጥራይ ከምዝዝንብዩ ምድራት። እንተተኻኢሉ ኣብ ውሽጢ ተቓውሞ ኮይኖም ተልእኾታቱ ክፍጽሙ። ወይ ከኣ ተመልሚሎም ዝተላእኩ።
- ህዝቢ ህልውና ተቓውሞ ከይፈልጥን ከይስዕብን ንቅኑዕ ዕላማታተን ዘዘናብዕ ፕሮፓጋንዳ ምጥቃምን ጸጥታዊ ንጥፈታት ምክያድን የጠቓልል።

*ጃንደ ህግደፍ ብትሪ ዘትኮረላ እሞ ከኣ ብውልቃዊ ዕግበተይ፡ ንሱ ዘድመዓላ ሜላ ስልኳ እያ። ነዚ ንምትግባር ስርዓት ኣስመራ ዓቢ ኣድህቦን ባጀትን ከምእውን ዘድሊ ናውትን ሰብኣዊ ዓቕምን ሰሊዑሉ ከምዝነበረን ዘሎን ጥርጥር የልቦን።*

*ድሕሪ ሰማንያን ሓደን፦ ብናይ ሻዕብያን ወያነን ውግእ፡ ጀብሃ ተደፊኣ ናብ ጎረቤት ሃገር ሱዳን ምስ ሰሓበት፡ ናይ መሪሕነት ግንባር ናይ ሱልኳ ኣገባባትን ዕማማትን ምሉእ ብምሉእ ተለዊጡ። እዚ ድማ ከምቲ ዝቐደመ ሓበሬታ ጥራይ ዘመሓለልፍ ውደባ ዘይኮነስ፡ መምርሒ ካብ መሪሕነት ግንባር እናተቐበለ ኣብ ውሽጢ ውድብ ተሓኤ ኮይኖም፡ ዘጥቅዑ ባእታታት ተተከአ። ነዚ ዕማም’ዚ ንምዕዋት ክኣ፡ ገለ-ገለ ድኹም ጎንታት ዘለዎም ባእታታት ግን-ከኣ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ መሪሕነት ውድብ ወይ ከኣ ግደ ዘለዎም ካድርታት ኢሎም ዝግመትዎም ደረጃ ዝርከቡ ተጋደልቲ ኣጽኒዕካ ብስንክፍናኦም ኣብ መጻወድያ ብምእታው፡ ገለ ክሽስብዎም ዝኽኣሉ ንዝተወጠነ መደብ ብኣድማዕነት ንምስልሳሉ በቐዑ። ብንጹር ኣዘራርባ ኣብ ውሽጢ ዘለውዎ ውድብ ኮይኖም ከገልግልዎም ዝተመደቡ ኣባላቶም ኣቢሎም ናይ ውድብ ምንቅስቓሳት ከምዝለምስን ውሽጣዊ ሂወቱ ከም ዝቡኽቡኽ ይገብሩ። እዚ ኩነት’ዚ ኣብ ኣካላት ናይ ተሓኤ ዝኾና ውድባት ጥራይ ዝተወሰነ ዘይኮነስ፡ እቶም ንምሉእ መዋእሎም ኣብ ህ.ግ. ኣሚኖም ብተወፋይነት ዝቃለሱ ዝነበሩ፡ ድሒሩ መሪሕነት ህግደፍ ብምቁዋም፡ ንዝተጠልመ ዕላማታት ቃልሲ ህዝቢን ዝተረሰዐ ሓደራ ስዋኣትን ክመልሱ ዝቃለሱ ዘለዉ ውድባትን፡ ሰቪክ ማሕበራትን፡ ዌብ ሳይታትን፡ ካብ ኢደ ሱልኳዊ ወረራ ምሕዱጓት ከምዘይኮኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኮታ ካብ ውድበይ ጀሚሩ ምናልባት እተን ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ኣባላት ዘለውወን ውድባት እንተዘይኮይኑ ካብዚ ላሕኲ’ዚ ነጻ ዝኾነት ውድብ ወይ ትካል ኣላ ዝብል እምነት የብለይን። ናይ ሱልኳ ወሃዮታታ ካብቲ ዘድምዑሉ ቦታ ንኽይዘናበሉ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ሓድሕድ ምድግጋፉ ይገብሩ እዮም። ብዝረኸብዎ ዕድል ተጠቒሞም ድማ፡ ናይ ሰራሕ መደባት ከትዓናቕፉን፡ ንንጹሃት ተቓለስቲ ከዛሕትሉን ይጽዕሩ።*

*ንምእማት ዝኣክል ንኣብነት፡ ሓደ ካብ ላዕለዎት ብማዕዶ ዝጥመቱ መራሕቲ ወይ  ካድር ኮይኑ፡ በዓልቲ ቤቱ ወይ በዓል ቤታ ድማ ብስውር ኮነ ብግሁድ ኣብ መጻወድያ ህግድፍ ዝኣተወ እንተኾይናና/ኑ ወይ ከኣ ንዓዲ ዝመላለስ/ትመላለሰ እንተኾይኑ/ና ፡ ብቤተ ዘመድ ኣቢልካ’ውን ኣብ ዓዲ ዝኾነ ንብረት ክህልዎ/ዋ ዝሕልን/ትሕልን እንተኾይኑ/ና፡ ኩሉ’ዚ ብዘይ ዋጋ ከም ዘይረጋገጽ ርዱእ ነገር’ዩ። ይትረፍዶ ብዕሊ ንስርዓት ኢሳያስ ዝቃወም፡ ትዕዝብቲ ዘለዎ ባእታውን እንተኾነ፡ ህግደፍ ኣብ ዝቆጻጸርዎ ጉዳዩ ይኹን ጉዳይ ናይ ቀረባ ቤተ-ሰቡ ከሳልጥ ዝህቅን ካብዚ መጻወድያ ኣየምልጥንዩ።*

*ሓደ ተቓላሳይ፡ መቓልስቱ ምስኡ ኮይኑ ብልቡ ይቃለስ ምህላዉ ዘይዓግበሉ ከንሱ፡ ካልእ ዕላማ ክምዘለዎ ዘረጋግጽ ወረቐት ሒዙ ባዕሉ ክሳብ ዝመጾ ዝጽበ እንተኾይኑ ግን፡ ሓደ ናይ ፖሎቲካ ሰብዩ ኢልካ ክትገልጾ ብጣዕሚ ዘጸገም’ዩ። ሓደ ተቓላሳይ፡ ብጻዩ ብልቡ ምስኡ ኣሎን የሎን ዘረጋግጸሉ መለለይታት፡ ብንሱ ብዝዛረቦ ዘይኮነስ፡ ብኣካይዱኡን ስርሑን’ዩ። ንኣብነት ሓደ ሓላፍነት ዝተዋህቦ ሰብ፡ ይበቕዖ’የ ብምባል ካብ ዝምልከቶ ኣካል ይኹን ጉባኤ ተቐቢሉ ከብቀዕ፡ ብዘይ ብቑዕን ቀቡልን ምኽንያት ዝተዋህቦ ዕማማት ከደሰክሎን፡ ግዚኡ ብምምሕልላፍ ኣድማዕነቱ ከማህምኖን ከሎ፡ ልዕሊዚ ካልእ ፖሎቲካዊ መርትዖ የለን።*

*ስለዚ ረቂቕ ኣሰራርሓ ህግደፍ ነዚ ዝመስል ካብ ኮነ እንታይ ይገበር?*

*ስልኳታት ህግደፍ ኣብ ተቓውሞ ደንበ ብዕግበተይ ህያውዩ። እቲ ቀዳማይ ግድል፡ ተቓወምቲ ብስልኳነት ንስርዓት ህግድፍ ዘገልግሉ ኣብ ውሽጠን ዘለዉ ባእታታት ወይውን ሰኪዔታት ብጭብጢ ክሽሽሐኦ ይኽእላዶ?... ብዕግበተይ ኣይከኣልንዩ። ምኽንያቱ እቲ ንዓመታት ዝሰረጸ ጸጥታዊ ስልትታት ንምግጣሙ ማዕሪኡ ክትኽውን ይግባእ። ተቓወምቲ ሓይልታት ናብዚ ደረጃ ጌና ኣይበጸሓን።  እሞ እቲ ሕቶ እንታይ ደኣ ይገበር? ዝብል ይኸውን።*

*እቲ ቀንዲ መደብ ስርዓት ኣስመራ፡ ንተቓውሞ ብዝምልከት፡ ምድስካለንን መሪሕ ግደ ከይጻወታ መደባትን ከየድምዕ ምልማሱ ካብ ኮነ፡ ጠንቅን ሳዕቤንን ክነለሊ ይከኣል ይመስለኒ። እቲ ታቓውሞ ከየድምዕ ዝገበሮ እዘን ዝስዕባ ረቛሒታት ክኾና ይኽእላ፡*

- ወድዓዊ ሕጽረታት ፡ ኣብ ውሱን ግዜ ብሰንኪ ርኡይ ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ ዝኾነ ዝመጽእ ሕጽረታት ንኣብነት”
  - ናይ ትሕዝቶ ሕጽረት፡ ቁጠባዊ ሰብኣዊ ናውቲ ወዘተ..
  - ከባቢያዊ ዘይምቹእ ኩነታት፡ ቦታውን ኣህጉራውን ፖለቲካዊ ኩነት….ወዘተ

- ባዕላዊ ሕጽረታት፡ ውሱን ዕማም ኣብ ውሱን ግዜ ክፍጸም ኣኽእሎ እንከሎ፡ ከይተፈጸመ ምስዝርከብ… ንኣብነት፡
  - ዘይተጸንዐ ወይ ከኣ ኣብ ጌጋ ዝተሰረተ መደብ ክትፍጽም ምህቃን
  - ብቁዕ ዘይኮነ ሰብኣዊ ዓቕምን ናውትን ንዝተሰርዐ መደብ ምምዛዝ
  - መደባትካ ብግዚኡ ዘይምቁጽጻርን ምትዕርራይን

እቲ ቀንዲ ተልእኾ ስልኳታት ህግድፍ ኣብ ልዕሊ ተቓውሞ፡ ባዕላዊ ሕጽረታት ከምዝዓብይ ምግበሩን ኣማስይኡ ድማ ተቓውሞ ኣብ ማዕሙቕ ባዕላዊ ሕጽረታት ባሕሪ ጥሒሉ ከምዘይወጽኡ ምግባርዩ። ነዚ ተልእኾ ንምፍጻም ናይቲ ተቓውሞ ተነካኢ ቦታታት ብዝካኣል መጠን ብምቁጽጻር ንኣድናማዕነት ተቓውሞ ምድራት ይኸውን። እዚ ካብ ኮነ ነዚ ኩነት ንምቁጽጻር ኮነ ንምዕራዩ ይካኣልዶ? .. እዚ ብርግጽ ይካኣልዩ። ውድባት ሰልፍታት ካልኦት ናይ ተቓውሞ ስርርዓት ዝመደባኦ መዳባት ኣብ ግዚኡ ብምምዛንን ምግምጋምን ምትዕርራይን በዚ ኣቢለካ ኣእዳው ስልኳ ምቕንጣብ ዝካኣል ይመስለኒ። ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ዝተዋህቦ መድብ ብተደጋጋሚ ብጉቡእ ዘይፍጽም ኣገዳሲ ዕማም ዝተሰከመ ባእታ ትካል ወዘተ.. ካብ ክልተ ምኽንያታት ይነቅል። እቲ ሓደ ብቕዓት ዘይምህላው ክኸውን እንከሎ እቲ ካልኣይ ምኽንያት ከኣ ናይ ልቢ ምሕካል እዩ፤ እዚ ይኹን እቲ ከምዚ ዓይነት ኩነት ምስ ዝርኣ፡ እቲ ዝምልከቶ ኣካል ማለት ዝለዓለ መሪሕነት ናይ ምእላዩ ተኽእሎ ኣለዎ። ነዚ ንምዕራይ ዘይክል መሪሕነት እንተሎ ብባዕላዊ ሕጽረትን ስላኳን ዝተበከለ ጥራይዩ።

መሪሕነት ህግድፍ፡ ብዘይካ ነተን ስልጣኑ ንኽንኣስያ ዘቖመን ፍሉያት ናይ ጸጥታ ጉጅለታትን ቡኽርኡ ዝመልኣሉ ትካላትን እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ሕብረተ-ሰብና ዝግደሰሉ ሽነኽ የብሉን።

ሓቂ’ዩ እዚ ጉጅለ’ዚ በቑል ክብል ኣብቲ ከበሳዊ ክፉል ሕ/ሰብና ተሓንጊጉ፡ ናዓኻ ክብልየ ተላዒለ ሕቖፈኒ ዝዓይነቱ እናቐዘምዘመ፡ ንገለ ሽነኽ ከም ደቀ’ደ ንገለን ድማ ከም ደቀ’ቦ ዝሰርዐ ፈላላይ ኣመለኻኽታ ኣብ ኣእምሮ ህዝብና እናሕደረ፡ ነዚ ከም መሳልል ተጠቒሙ ኣብቲ ዝላዓለ ጥርዚ ናይ ሕልምታቱ ከምዝበጽሐ ምብራህ ዘድልዮ ክዉል ጉዳይ ኣይኮነን። ነዚ ኣገባብ’ዚ ክኽተል ዝመረጸሉ ቀንዲ ምኽንያት ክኣ፡ ንክልተ ጉዳአት’ዩ። ንሱ ድማ፡-

ሓደ፡ ነቲ ጉጅለ ዘገድስ ጥራይ ፍሉይ መደባት ስለ ዝነበሮ’ሞ፡ ንጉጅልኡን ናይ ተንኾል ናወቱን ዘዕቁብ ኣዝዩ ዝተኣማመነሉ ባዓቲ ስለ ዘድልዮ፡ ነዚ ባይታ’ዚ ንምውሓስ ዝዓለመ’ዩ።

ክልተ፡ ህዝቢ ንቕድሚት ብምምዕዳው ዘስተውዕሎም ሓደጋታት ይኹኑ፡ ወይ-ውን ዘወትር ኣብ ልዕሊኡ ብዝፍጸሙ በደላት፡ ሓቢሩ ከይቅይሶን፡ ንምእላዩ ዝሕግዙ መንገድታት’ውን ሓቢሩ ከየናዲን፡ ካብዚ ሐሊፉ ክኣ ኣራሚ ስጉምቲ ናብ ምውሳድ ገጾም ከየቕንዑ’ዩ። ስለዚ እቲ እንኮ ናይ ነዊሕ መደባቱ ዘረጋግጸሉ ሜላ፡ ንህዝቢ ብሃይማኖት፤ ዓሌትን ኣውራጃ ከፋፊልካ፡ ሓሳብ ሓድ-ሕድ ዘጣልለሉ ኢሂን ሚሂን ካብ መንግኡ ከምዝበርስ ንምግባር’ዩ። ነዚ ዘብርህ ገለ ኣብነት ንምጥቃስ ድማ፡-

ድሕሪ መፋርቕ ሰማንያታት፡ ኣብ መንጎ ተዛረበቲ ቋንቋ ሳሆ ሓዊ ኣጕድካ፡ ደም ናብ ምፍሳስ ዝድርኽ ሜላ ብምኽታል፡ ዓሚቕ ቅርሕንቲ ኣብ መንጎኦም ተኺልካ ንምምቓሎም’ሞ ነዚ ከም ዕድል ተጠቒምካ ኣብ ምቁጽጻርካ ንኸተውዕሎም ብዝብል ውጥን፡ ክልተ ካደራት ተዛርብቲ ናይቲ ቋንቋ፡ ናብ ሱዳን ቦታ ስደተኞታት ብ ህ.ግ. ከም ዝላኣኹ ተገብረ። ካብ ሓደ ቤት ጽሕፈት ብሓባር ነቒሎም ክኣ፡ እቲ ሓደ ናብ ገለ ዞናታት እናኸደ ዓሳውርታ’ዩ ናይ ቋንቋኹም መጸውዒ ብምባል ከልዓዕል ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ በቲ ካልእ ቦታታት፡ ሳሆ’ዩ መጸውዒ ቋንቋኹም ብምባል ከነሃህር፡ ክልቲኦም ሰበብ ዘናኽስ ጎስጓስ ከካየዱ ይዉዕሉ ነይሮም። ከም ውጽኢቱ ድማ ተቐመጥቲ ሓሙሸተ ማዓስከራት ዞባ ሰምሰም ሴፍን ጉራደን መዚዞም ኣብ ጎቦታት ኡምሰቐጣ ተሰሊፎም ብመን ይቐደም ተፋጢጦም

ከለዉ ኣባላት ጀብሃ ንሱዳናውያን ናይቲ ዞባ ሰበ-ስልጣን ሒዞም ኣብ መንጎኦም ብምእታው እቲ ክፈስስ ዝተቐረበ ናይ ኣሕዋት ደም ድሒኑ።

ከምኡ ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ቢለን ነገር ነቓቒሰካ፡ ኣብ መንጎ ታርቐን ነገደን ድሕሪ ናጽነት ኣብ ከባቢ ከረን ካብ ምትፍናን ሓሊፉ ናብ እምባጋሮ ዝተቐራረበ ኩነታት ከም ዝተፈጥረ ዝዝከርዩ። ከምኡ'ውን ንህዝቢ ባርያ፡ መእተዊ ነቓዕ ስለ ዝሰኣንሉ፡ ባርያ ዝብል መጸውዒ ብትግርኛ ጸርፊዩ ብዝብል፡ ብውሽጢ ውሽጢ ንህዝቢ ባርያ ብምምቕቓል ኣብ መንጎ እቶም ንሙሉእ ወሎዶታትናን ዘርእናን ዝተጸዋዕናሉን መለለይ መንነትናን ዝኾነ ስምና'ዩ ብምባል ዝጸንዑን፡ ኣብ መንጎ እቶም መራሕቲ ህግደፍ ዝዓግብሉ ስም ናራ ክንጽዋዕ ኣለና ዝበሉን፡ ኣብ ክልተ ከምዝፈላለዩ ተገይሩ። ኣብ መንጎ ሓማሴንን ሰራየን፡ ሓማሴንን ኣከለጉዛይን ድማ፡ ዳርጋ ከም ቀዳማይ ካልኣይ ደረጃታት ብዘምስል ኣከያይዳ፡ ሓቢረካ ንምልዛብ ዘየተኣማምን ሓለፋታት ይረአ። ህዝቢ ድማ፡ ብሰር'ቲ ዝኣተዎ ሓድሕድ ምርሕሓቓትን ውዲታወዊ ሓለፋታትን፡ ሓሳብ ንሓሳብ ከይዋሃህድን ሓባራዊ ሚዛኑ ከየዕኩኽን ይጋዳዳዕ። በብመንገዱ ዓገብ ክብል እንተፈቲኑ ድማ ይጥቃዕ።

እዚ ጉጅለ'ዚ ብመሰረቱ፡ ካብቲ ጥልቂ ፖለቲካዊ ባህርያቱን ተግባራቱን ነቒልካ ምስ ትዕዘቦ፡ ሓደ መን ይኹን መን ብዘየገድስ ንስልጣኑ ዘገልግሎ ክሳብ ዝኾነ ዝቐረበ ወገኑ'ዩ። ይዕዘቦ ዘሎ መሲሉ እንተተሰሚዕዎን፡ ኣምልኾይ የብሉን ዝብል ገምጋም እንተበጺሑ ግን፡ ዝንሕፎ ሸነኽ የብሉን።

ነዚ ብዝያዳ ዘብርሃልና ድማ፡ ድሕሪ ናጽነት ብቑሩብ፡ ኣብ ስዑድያ ዝቕመጡ ገለ መራሕቲ እስልምና ሃይማኖት ዝኾኑ ኤርትራውያን ንኣስመራ ምስ መጽኡ፡ ብቐጥታ ኣብ ቤት ማእሰረቲ ኣትዮም። ቀጺሉ ድማ ዓቢ መራሒ ተዋህዶ ሃይማኖት ጳጳስን ተኸተልቲ ጴንጠ ሃይማኖትን ተኣሲሮም። እቲ ዝገረም ግና፡ መሰልና ተገፊፉ ብምባል ዝንቀሳቐሱ ኤርትራዊ ናይ ኣስላም ውደብ ከም ክህሉ ዘይግባእን ሓደገኛ ውድብ ጌሩ እና ጎስጎሰ ከንሱ፡ ነቶም ብዓለም ደረጃ ከም ናይ ቴሮር ተፈሊጦም ዝህደኑ ኣካላት ከዕቁብ ይረከብ።

ኣብ ርእስ'ዚ እቲ ኣብ ሶማል ዘሎ ናይ እስላም ሓይሊ ብዝለዓለ ደረጃ ንኸደልድሎ ኩሉ ጻዕርታት ከካይድ ይረአ። እቲ ከምዚ ክገብር ዝደረኾ ቀንዲ ምኽንያት እምብኣር፡ እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ንስልጣኑ ዓቢ ሓደጋ፡ ኢህኣዴግ ጌሩ ስለ ዘቐመጠ፡ ነዚ ሕሉፍ እስላማዊ ናይ ሶማል ሓይሊ ኣደልዲልካ ንኢህኣዴግ ንምድኻሙን ብኡ ኣቢልካ ከኣ ካብ ስልጣኑ ንምግልባጥ ይሰልጥ'ዩ ካብ ዝብል ግምት ስለ ዝነቅልዩ።

ከምቲ መሰልቲ ክምስሉ፡ "ጥቓ ዓጋም ዝበቖለት ቈልቋል እናንበዐት ትነብር" ዝበልዎ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ንህዝቢ ኤርትራ ዘሳቕዮ ዘሎ ከይኣክለ፡ ንጎሮባብቲ ሃገራትውን ሓንቲ ድሕሪ ሓንቲ ንኹሎን ሓሓሊፉ እናተንኮሐ ህውከት ክኣጉድ ግዜ ኣይወሰደሉን። ኣብዚ ጥራይ'ውን ኣይተደረተን። ነተን ምስ ኤርትራ ብዶባት ዘይራኸባ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ማለት ከም ባዓል ምንቅስቓሰ ደቡብ ሱዳን፡ ኮንጎ(ናይ ቀደም ዛይር) ሕጂ ድማ ሶማልን ኣብ ዳርፎርን፡ ነቶም ዘይሓመሎም ሰራዊት ደቂ ህዝቢ እናለኣኸ፡ ኣብ ተኣጕዱ ዝጽንሐ ሓዊ ይኹን ባዕሉ እናኣጎደ ክሩግሩጎም ምጸንሑ ከይኣክል ጌና ይቕጽሎ'ሎ። እቲ ዝኸፈአ ግና፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተመልከተ፡ ጸላኢ ጸላኢየይ ፈታዊየይ ዝብል መርሆ ተኸቲሉ፡ ነቲ ብናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ዘይኣምን ጥራይ ዘይኮንስ፡ እንተ ዶልዩዎን ዕድል ረኺቡ'ውን ናይ ዝሓለፉ ጎበጥቲ ሃገርና ሕልምታት ንኽትግብር ዘይማታኣሉ መርገጹን ልዑል ዕማሙ ዝሰርዐ ውድብ ቅንጅት፡ ኣንጻር ኢህአዴግ ብምኻኑ ጥራይ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኩሉ ጠለባቱ እና ኣማለአ ከደልድሎ ይርከብ።

ኣከያይዳ መሪሕነት ህግደፍ ነጺሩ ይረአ ከምዘሎ፡ ብሓደ ወገን ህዝቢ ኤርትራ በቲ ደረት ኣልቦ ዝወርዶ ዘሎ ጨካን ግፍዒ ተጠቒዑ ከምዝዳኸምን፡ ብመሰረት'ዚ ሰኪሑ ድማ ትርጉም ናጽነት ናብ ዘጽልእ ኣቅጣጫ ብዝደፋፍእ፡ ክዓዪ ከሎ፡ በቲ ካልኣይ ድማ ነቶም ጸረ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ሸነኻት ኢትዮጵያውያን፡ ብዝለዓለ ደረጃ ደልዲሎምን ሓይሎምን፡ ዝተላዕለሉ ሕልምታት ንኸዐውቱ ዝካኣሎ ጻዕሪታት ክገብር ንርኢ።

እምባአርከስ ነቲ ሰልፊ ናጽነት መስሪቱ ብህዝባዊ ሓይልታት ዓኹኹ ብህዝባዊ ግንባር ጎቢዙ ናብ ህግድፍ ዝተሰጋገረ ጭፍራ ኢሳያስ ንሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ናይ ኩሎም ኣብቶም ንቁኑዕ ህዝባዊ ዕላማ፡ ንህዝብን ብህዝብን ዝተቓለሱ ኣብ ተሓኤ ይኹን ህዝባዊ ግንባር ብዘየገድስ፡ ብኩሉ

ሜዳያት ዝተዋደቑን ዝዋደቑን ዘለዉ ኩሎም ታሪኾምን ቃልሶመን ብምዝንባዕ፡ እዚ ጭፍራ ዝተወሰኦ ኣዕናዊ ግደ ሓደ ነገር ንምርግጋጽ እዩ። ንሱ ድማ ሓደ ውልቀ-ሰብ ዝገበታ ቀዳምነት ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ዘይኮነስ ንምድልዳልን ምቕጻልን ስልጣን ናይዚ ባእታን ጃንድኡን ብዝከኣል መጠን ዘውሓሰ ኩነት ንምፍጣርዩ። ሕገ-ኣልቦነት፤ ምቕንጻል፤ ውግእ ወረ ውግእ፤ ምእሳር፤ መግባት ቁጠባውን ሰብኣውን ዓቕሚ ሃገርን ከምኡውን ብምዝንባዕ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንዝና ውልቀ መላኺ ምብራኹ፡ ቀንዲ ዕላማታት ስርዓት ኣስመራ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ኩሎም ዝሓለፉን ዘለውን መለኽቲ ስርዓታት መርሆ እዩ።

እቲ በጃ ስልጣን መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ክኸውን ዝተፈርዶ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ዳግም ኣብ ገምገም ዝኮዓተሉ ዘሎ ናይ ውዲት ጋህሲ ተንጠልጢሉ ኣብ ቃራና መንገዲ ይርከብ።